# Union of Tigreans in North America (UTNA)

P.O.BOX 73736
Washington, DC 20056
UTNA67@verizon.net

Tel. (202) 265-8702
Fax. (202) 265-8703
www.utna.org

ዕለት፡ 04 ሰፕቴምበር 2016

## መግለጺ ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ ኣብ እዋናዊ ጉዳይ

ዝኸበርኩም ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን፣ ዝኸብርካ ኣባል፣ ደጋፍን ፈታዊን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ፥

ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ድሕሪ ስግግር ፖለቲካ 1983 ዓ/ም ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰል ኣብ ሕገ መንግስቲ ተፈቒዱ ነጻ ፕሬሳት፣ መራኸብቲ ሓፋሽን ደረስቲን ኮታስ ብዝተፈላለየ መንገዲ ሓሳባቶም ክገልጹ ዝደልዩ ወገናት ሓሳባቶም ብጽሑፍን ዘረባን ናብ ሓፋሽ ከቕርቡ በቒዖም። ህዝብና፣ ህዝቢ ትግራይ፣ ከም ማንም ኢትዮጵያዊ ብተወሳኺ ድማ ንምምጻእ እዚ ሕገ መንግስታዊ መሰል ምስ ኣሕዋት ህዝቢታት ዝኸፈሎ ረዚን መስዋእቲ ብዝረኸቦ መሰል ክጥቀም ዕድል ተፈጢሩሉ። በዚ ድማ ኩሎም ህዝቢታት ታሪኾም ክጽሕፉ፣ ባህሎም፣ መንነቶምን ሓሳባቶምን ክገልጹ፤ ብጽሑፍ ከስፍሩ ክኢሎም። ብኻሊእ ወገን ድማ ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ተኸልኪሉ ዝነበረ መሰል ገበርትን ሓደግትን ዝነበሩ ሓይሊታት ናይዚ መሰል ምሉእ ተጠቀምቲ ኮይኖም ብመሰረት ዝረኸብዎ ዕድል ተጠቒሞም ካብ ጽባሕ እቲ መሰል ዝረኸብሉ እዋን ኣትሒዙ ነቲ ነዚ መሰል ኣብ ምምጻእ ዓብዩ ግደ ንዝነበሮ ህዝብና ብሽም ነጻ ፕሬስ ተጣይሾም ከቆናጽቡ፣ ኣብ ልዕሊ መንነቱ ጸለመ ከካይዱን ብኻልኦት ህዝቢታት ኢትዮጵያ ብጥርጣረ ክርአን ንብዙሕ ዓመታት ሰሪሖም።

ነጻ ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰል ዝፈቐደ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ሃገርና እቲ ከይዲ ገና ጀማሪን ዕሸልን ብምኳኑ፣ ተጻዊርካን ልቢ ኣስፊሕካን ክኽየድ ኣለዎ ብዝብል መንግስቲ እውን ነቲ ናይ ጽልእን ጸለመን ጽሑፋት ብኸይዲ ክመሓየሽ ብዝብል ተስፋ ተጻዊርዎ ጸኒሑ። እቲ ከይዲ ብከምዚ እናተጓዓዘ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ብፍሉይ እዚ ናይ ጽልኢት ዘመተ፣ ህዝቢ ትግራይ ካብ ካልኦት ኢትዮጵያዊያን ኣሕዋቱ ሓለፋ ተጠቃሚ እቲ ስርዓት ከም ዝኾነ ኣምሲልካ ናይ ምቕራብ ቅሉዕ ናይ ጸለመ ኣብ ዝልዓለ ብርኪ ዝተሰጋገረሉ ብ1997 ዓ/ም ሃገራዊ መረጻ ኣብ ዝተኻየደሉ እዋን ነይሩ።

እዚ ከይዲ ውዒሉ ሓዲሩ ኣብ ሞንጎ ህዝቢታት ቅርሕንቲ ክፈጥር ናብ ዘኽእል ብርኪ ክዓቢ ከም ዝኽእል ብምርዳእ፣ መንግስቲ ብኣጋ መስርሕ ገይሩ ሞያዊ ስነምግባርን ሕግን ብዘኽበረ መልክዑ መስመር ክሕዝ ምእንቲ ሕጊ ፕሬስ ሃገርና ብምእዋጅ መንግስቲ ነቲ ኣነዋርን ቀይዲ በተኽ ኣካይዳን ክቆጻጸሮ ጀሚሩ። እቲ ቀይዲ በተኽን ኣነዋሪ ተግባርን መሊኡ ደው ክብል እንተዘይካኣለ እኳ ቅሩብ

ምምሕያሻት ተራእዮም እዮም። በቲ ሕጊ መሰረት ክሰርሓ ዝወሰና ውጺኢታት ፕሬስ ኣብ ሃገር ስርሐን እንትቕጽላ እቲ መስርሕን ሕግን ዘይተዋሓጠሎምን ብሕጊ ተሓተትቲ ካብ ምዃን ከም ዘይተርፉ ዝተረድኡ ውሱናት ውልቀሰባት ብውዱብን ብዘይውዱብን መልክዑ ናብ ሃገራት ኣውሮፓን ኣሜሪካን ብምውጻእ እቲ ኣነዋርን ጸረ ህዝብን ስራሕቶም ቀጺሎምሉ።

ነዚ ዕድል ዝተገንዘበ ስርዓት ውልቀመላኺ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ድማ ነቲ ኣነዋሪ ስራሕ በመደብ ኣምሓርኛ ቴሌቪዥን ኤርትራ ከካይዶ ድሕሪ ምጽናሕ፣ በዞም ዓዲ ገዲፎም ኣብ ሃገራት ኣውሮፓን ኣሜሪካ ምናባር ዝጀመሩ ብሽም ጋዜጠኛታት ውልቀ ፕሬስ ኮይኑ ግና ብግብሪ ዝሓዝዎ ግብረ እኩ ስራሕቶም ክቕጽልሉ ዘኽእሎም ንስራሕቶም ምሉእ ብምሉእ ስፖንሰር ብምግባር ክቕጽልሉን ኩነታት ኣመዓራርይሎም።

ነዚ ስዒቡ ናይዚ ብሽም ነጻ ፕሬስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር ዝነበረ ናይ መጸለምታን ዓሌታዊ ጽልኢት ዝተመለኦን ዘመተ ከም መቕጸልታ ብምዃን ድማ ኣብ ሃገረ ኣሜሪካንን ኔዘርላንድስን ኢሳት ዝተብሃለ ሳተላይት ቴሌቪዥን ኣጣይሾም ነቲ ስራሕ ኣጠናኺሮም ክሰርሑ ብ2008 ኣቆጻጽራ ኣውሮፓ ምንቅስቓስ ጀሚሮም። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ህዝቢ ትግራይ ዒላማ ዝገበሩ ናይ ጽልኢት ፕሮፓጋንዳ ስራሕቲ ኣካይዶም። በዚ ደው ከየበሉ፣ “ንህዝቢ ትግራይ ዒላማ ጌርና እንተሰኪፍናዮ ናብቲ እንደልዮ ቃልሲ ኣንጻር መንግስቲ ክድግፍናን ብኡ ኣቢልና ድማ መሰል ማዓርነትን ብሄር ብሄረሰባት ዝፈቐደ ብሄር መሰረት ዝገበረ ፌደራላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ምፍራስ ክሕግዘና እዩ” ዝብል ዝንቡዕ ኣተሓሳስባ ተበጊሶም ደፊኦምሉ።

እቲ ኢሳት ዝተባሃለ ቴሌቪዥን ሳተላይት ተጠቒማካ ኣንጻር ህዝቢ ትግራይ ዝግበር ዘመተ ካልኦት ኣሜሪካ ዝመደብሮም ናይ ጸለመን ጽልኢት ዓሌትን ፈነወ ዘካይዱ ከም ድምጺ ኣሜሪካ ክፍሊ ኣምሓርኛ (VOA Amharic) ዝኣመሰለ ሓዊሱ ብሰፊሑ ክስረሐሉ ጸኒሑ ሕዚ ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ ገበን መጸዋዕታ ምጽናት ዓሌት በጺሑ ይርከብ።

ዝኸበርኩም ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካን ካናዳን፣ ዝኸበርካ ኣባል፣ ደጋፍን ፈታዊን ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ፦

እዚ ብዕለት 06 ኦገስት 2016 ኣንጻር ህዝብና፣ ህዝቢ ትግራይ፣ ብመደበር ቴሌቪዥን ሳተላይት ኢሳት ዝተፈነወ ዓሌት ናይ ምብራስ መልእኽቲ ብዝኾነ ሰብኣዊ ፍጡር ብዘይ ኣፈላላይ ብሄር፣ ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ዕድመ ወዘተ ክኹነንን ክውገዝን ዝግበኦ ኢሰብኣዊን ኣረመንያዊን ተግባር እዩ። እዚ ተግባር ኣብ ሞንጎ ህዝቢታት ቅርሕንቲ ፈጢርካን ኣፈራሪሕኻን ብሓጺር መንገዲ ናብ ኮረቻ ስልጣን ንምሕኳር ናይ ዝምነዩ ዝኸሰሩ ውልቀሰባትን ውዳባታቶምን ተግባር ትምኒት ምዃኑ ንርዳእ። ኮይኑ ግና ሸለል ኢልካ ክሕለፍ ዘይግብኦ ገበን ምእዋጅ ምብራስ ዓሌት (genocide) ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊነት እዩ። ነዚ እዩ ድማ ኩሎም ኣሕዋትና ኢትዮጵያዊያን ብዘይ ኣፈላላይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዝኾነንዎን ተቐባልነት ከምዘይብሉ ዝገለጹን።

ገበን ምብራስ ዓሌት ንክፍጸም ምልዓዓልን ክፍጸም ምግባርን ብሕጊ ዓለምለኸን ብእንነብረሉ ሃገረ ኣሜሪካን ዘሕትት ከቢድ ገበን እዩ። ብፍላይ እዚ ገበን ብመራኸብቲ ሓፋሽ ተዘርጊሑ ጎስጓስ ምስ ዝግበረሉ ውጽኢቱ መስካሕክሕን ኣነዋርን ከም ዝኸውን ኣብ ሩዋንዳ ብሬዲዮ ማይል ኮሊንስ ኣሳስይነት ኣብ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ዝጽግዑ ዓሌት ቱትሲ ዝተፈጸመ ገበን ምብራስ ዓሌት ናይ ቀረባ ጊዜ ተዘክሮ እዩ።

በዚ ኣነዋሪ ተግባር ሳተላይት ቴሌቭዥን ኢሳት ቁጥዐኹም ዝገለጽኩም ኣባላት ማሕበረሰብ ትግራይ፣ ኣባላትን ደገፍቲን ማተሰኣ፣ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኩሉ ኩርናዓት ዓለም እትነብሩ ተጋሩ፣ ተወለድቲ ካልኦት ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ፤ እቲ ነገር ክንደየናይ መሕዘኒ ከም ዝኾነ ብምግላጽ ብስልኪ፣ ጽሑፍን ኣኼባታትን ቁጥዐኹም ዘብጻሕኹምና ኩልኹም፤ መልእኽትኹም ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይን ማሕበርና ማተሰኣ ደው ንምባልን ንምስራሕን ዘለኩም ተበግሶ ዘመላኽት ብምዃኑ ከም ማሕበር ዘለና

ዝላዓለ ናእዳን ምስጋናን ክንገልጽ ንፈቱ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ እዚ እኩይ ተግባር ዘነጻጸሮ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ብሄር ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ብምኳኑ ኩሎም ህዝቢታት ብሓባር ኮይንና ነዚም ኣብ ኣነዋሪ ተግባር ተዋፊሮም ዘለዉ ሓይሊታት ክንቃለሶም ጻውዒት ነቕርብ።

ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ፣ እዚ መነወሪ ተግባር ብቐንዱ ማሕበርና ኣብ ዝርከበሉ ሃገረ ኣሜሪካ ብምፍጻሙ ነቲ ጉዳይ ትኹረት ሂቡ ክሰርሖሉን ክከታተሎን ድሕሪ ምጽናሕ ነቲ ጉዳይ ዝምልከት ኣወዳድባ መስሪቱ ናብ ተግባር ኣትዩ ኣብ ምስራሕ ከም ዝርከብ ክሕብረኩም ይፈቱ። በዚ ድማ ኣድላዩ ዘበለ መረዳእታታት ብምእካብን ብምስናድን እቲ ጉዳይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ንክቐርብ ኣብ ምርብራብ ይርከብ። ህዝብና ሓገዝ ንክገብር ዘኽእሎ ኣሰራርሓ እውን ተዋዲዱ ኣሎ። ኣብ በቢ ከባቢኡ ዝነብር ሕብረተሰብና ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ክዝትይን ሓሳባቱ ክካፍልን ምእንተ፣ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ በቢ ከባቢኡ ዋዕላታት ክካየዱ እዮም።

ህዝብና ነዚ ተረዲኡ ንተመሳሰልቲ ጉዳያት እንሕዘሉ መስርሕ ክፈልጥን ብቐጻልነት ኣድላዩ ዘበለ ሓበሬታ ናብ ቤት ጽሕፈትና ብስልኪን ጽሑፍን ክሰደልና ድማ ንላቦ።

ንምጥንኻር ሓድነት ህዝብና ንረባረብ ! !

ማእኸላይ ቤት ጽሕፈት ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)

ዋሽንግተን ዲሲ